


*ድልየት ህዝቢ የሎን ኣብ ሰላዕ እዝኑ ነይውቀር*
*ዓጢጥዎ ዘሎስ !*
*እቲ ተሓንጊሩ ዝደየቦ ወንበር ፡*

*ወንበር ሃይለስላሴ ከምሓደ ኣምላኽ ፍግም ዝበሉላ*
*ወንበር መንግስቱ ብውሓዚ ደም ዝጠስጠሱላ*
*ወንበር ወያነ ውርደት ንኢትዮጵያ*
*ሪፓብሊክ ትግራይ ክሀንጽ ተባህለ ጉያ-ጉያ*
*ድቃስ ዝኸልኣቶ ብዘይ መስተር ዝጋፍያ*
*ኣደባባይ ዝብሉዋስ ሀጻናት ዝተንዩሑላ ፡*

*ኣየ እንቁሩያብ ተነፊሕካስ ማዕረ ብዕራይ ፡ ተቐባል ጉኑያ*
*ኣበይ ዘሎ ዝጋፍያ'ዩ እሞ መስተር ክሱኩያ*
*ሕዱር ሕማም ጭርሖ ማለሊት ኣለካ ሒዶናይ ስልያ*
*ሰረት ጥልመት ኣቦኻ ኣባጋላ ዘይዛሪ ዘጠዋያ ፡*

*እቲ ዝሓሸ ዝነበረ ትሓንጊርካ ምጽናሕ*
*ሕጂ'ዶ ይሓይሽ ምስ ቡሽ ምስሕሳሕ*
*ብምወላ ትኳቦ ኣይትበል ፈሳሕሳሕ*
*ኣብ መሸንቆቓ ጠሊቕካ ኣይትድረር ኣይትምሳሕ ፡*

*ውረድ ድኣ ሕጅስ ክንደይ ኣሎ ሕንግሮ*
*ኣብ ወንበር ተሰቒልካ ሳላ ሽደን ወዲ ዋዕሮ*
*ከመይ ኣቢልካ ትወጽእ ዝኣቶኻያ መንቀራቕሮ ፡*

*እንኳን ዘየስፈየ ዘየምዓረ*
*ሽደናይ ! ንዘስፈየ ዘምዓረ'ዩ ዝጠሓረ*
*ንርእሰ-ሓያላን ኣላሽ ኣቢሉ ሕቡን ዝሃጠረ*
*ርእሰ ሙርኮሳ ኣሚኑ ንሕሰም ዝስዓረ ፡*

*ሽደን ተሊሙ ነይሩ ንኹሉ ዝሕብሕብ*
*ኢ.ጋድ ኣሲሱ ሰላም ክትዕምብብ*
*ናይ ዞባና ህዝቢ ራህዋ ክረክብ*
*ኣንቁሕ ሓቂ ንሓሶት ኣይትዓብዕብ ፡*

*ሕጂ'ውን በዘይካ ስልጣኑ ምንም ዘይዓጠጦ*
*ምሕጽንታ ህዝቡ ምንም ዘይተሰወጦ*
*ውሓጦ እንተብልኩዎ ዝነስመሉ ሒምቢጣጦ*
*ኣብ መጋበርያ ሓዊ ተጠቢሱ ወዮ ዕቡይ ወጠጦ ፡*

ውሃ ዕቡይ ገረድ ናይ ቡሽ-መጋበርያ
ክንዲ ሰላምሲ ኣብ ውግእ ጉያ-ጉያ
ኣስሊ ጉሲኻስ እምነት ኣብ መጣልያ
ንጎይታኻ ዝጮግረፈት ጩግራፍ ረሲዕካያ
መጋርያ እግሪ መኸል ኣሻቡ ረሲዕካያ
ወስ እንተበልኪ ኣብኣ ትረኽብያ ፡

ጉንያ ብረት ምወላ ስንቂ ይመልስ ኣብ ቀውጢ
ክሕደት ኣቦታትካ ተነሲዕካ ኣይትኹን ፈርጣጢ
ጭርሖ ሽደናይ ተረሲዑ ፡ ብብረቱ ብንብረቱ ንዓለም መሳጢ
ንጎይታኻ ዝስዓረ ከምዚ ናትካ ዕጥቂ ኣንቀላዋጢ ፡

ጊባኣኛ ኮይኑ ስገም ኣምሲልካ ደምሃይ ቅጻ
ሕሱም ወያነ ካም መፈለምታ ሕሰም ዝቐለጸ
ንበሎ ዘውሓስናዮ ከለና ዝቕምዮ የሎን ዝመጸ እንተመጸ
ብዝሰነቕክምዎ ብረት ይዳጎኑ ቡሽ ዕጥቂ ዘምጸ እንመጸ ፡

ሓይሊ ይክኣሎ ሰዊዱ ብዋርሳይ ውላዱ
ዋርሳይ መሬቱ ዘልምዐ ንጸላእቱ ኣርዒዱ
ኣድባዋት ኣብካርታ ሰኒዱ ፡ ብፍልጠ ተርኒዑ ሞንጊዱ
ፍናን ህዝቡ ክብኢሉ  ሰንጊሉ ነቶም ዝሓንገዱ ፡

ብዘይ ኣራሑ ከመይ ኣቢለን ክበዝሓ
ሕጂ'ውን ንሽደን ተኸተላ ከተርብሓ
ርእሰ-ሙርኮሳ ኣውሕሳ ኣይትሳሓስሓ
ምሕጽንታ ሓፋሽ ተኸተል ኣይትኹና ወዛሕዝሓ ፡

ክተት ብስሙር ድምጺ ሓድነት'ዩ ተመራጺ
ዔብን ሓቦን ካብኩሉ ንቃልስና ኣዓዋቲ
ሃብቲ ብዘይ ርስቲ ኣብዛ ዓለም መንደልሃጺ
ሓድነትና ነጽንዕ ድል ኣይንሃቦ ንተበላጺ ፡

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማዕታትና !!!

ወዓት ንሓፋ  !!!

እምባ ሙኻን ፡